# ሕክምና ኮቪድ-19



## ኣብ ሓደጋ ምምዕባል ብርቱዕ COVID ዲኹም?

ንልዑል ሓደጋ ሕማም ዝተቓልዑ ሰባት ንምሕጋዝ ሕክምና ክህሉ ይኽእል ኢዩ።

Public Health
Seattle & King County

ASPR.HHS.GOV/TESTTOTREAT

# መደብ ምርመራ ንሕክምና

·ምርመራ ንሕክምና ሓድሽ መደብ ኮይኑ ሰባት COVID-19 እንተሒዝዎም ምርመራ ንክገብሩን ብቕልጡፍ ናጻ ሕክምና ክረኽቡን ዝሕግዝ ኢዩ።




ኩነታት ኢንሹራንስ ወይ ስደተኛነት ብዘየገድስ ንሕክምና ዝኽፈል የለን።

ምልክታት ኮቪድ-19 ካብ ዝረኣዩሉ ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ መዓልቲታት ሕክምና ክግበር ኣለዎ።

# መምዘኒ ብቕዓት

ወሃቢ ኣገልግሎት ጥዕና ንሕክምና ብቑዕ ምዃንኩም ኣብ እዞም ዝስዕቡ ተመርኲሱ ክነግረኩም ኢዩ፡

- ·ብብርቱዕ COVID-19 ናይ ምትሓዝ ዘለኩም ደረጃ ሓደጋ
- ·ኣብ'ዚ እዋን እትወስዱዎም ኣፋዉስ
- ኣቐዲሙ ዝነበረ ጥዕናዊ ሓበሬታ
- ዕድመ (12 ዓመትን ልዕሊኡን ክኸዉን ኣለዎ ከምኡድማ ክብደት እንተወሓደ 88 ፓዉንድ/40 ኪ.ግ)

Public Health
Seattle & King County

ASPR.HHS.GOV/TESTTOTREAT

# ሕክምና ብኸመይ እየ ክረክብ ዝኽእል?

- መጀመርታ ንወሃቢ ኣገልግሎት ጥዕናኻ ኣዛርቦ።ወሃቢ ኣገልግሎትካ ኣብ ተሳተፍቲ ፋርማሲታት ወይ ኣብ ዝኾነ ጸረ-ቫይረስ ኣብ ዝርከበሉ ቦታ ክምላእ ዝኽእል መአዘዚ መድሃኒት (prescription) ክህበካ ይኽእል ኢዩ

- እንተደኣ ወሃቢ ኣገልግሎት ጥዕና ዘይብልካ ኴንካ ወይ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ክትርአ ዘይክኢልካ፡ ምስ ክፍሊ ሓለዋ ጥዕና ዋሽንግተን ስተይት ንምርኻብ ናብ 1–800–525–0127፡ ደዊልካ ነዚ ዝስዕብ ምልክት ጽቐጥ # ወይድማ ናጻ ናይ ርሑቕ ሕክምናዊ ኣገልግሎት (telehealth) ንክትረክብ ቆጸራ ንምግባር ብ240 ቋንቋታት ኣብ doh.wa.gov/Covid19Telehealth ይርከብ። ናይ ቪድዮ ርክብ ክገብሩ ዘይክእሉ ሕሙማት ብተሌፎን ርክብ ክገብሩ ይኽእሉ ኢዮም።

- ዉጽኢት ኣብ ነቑጣ መመርመሪ ወይድማ ኣብ ገዛ (antigen) ዝተገብረ ምርመራ ናብ ናይ ተሌሄልዝ ቆጸራ ሒዝካ ቅረብ።

Public Health
Seattle & King County

ASPR.HHS.GOV/TESTTOTREAT

## Q

## ሕ. ኣብ መደብ ምርመራ ንሕክምና እንታይ ዓይነት ኣፋዉስ ይርከቡ?

## A

መ. መደብ ምርመራ ንሕክምና ክልተ ብኣፍ ዝውሰዱ ጸረ-ቫይረስ ከኒናታት የጠቓልል-ናይ ፋይዘር ዝኾነ Paxlovid (Ritonovir-boosted Nirmatrelvir)ን ከምኡድማ ናይ መርክ ዝኾነ Lagevrio (Molnupiravir)። ምልክታት ሕማም ምስ ጀመሩ ተቓላጢፍኩም ነዞም ኣፋዉስ ምውሳድ ካብ ብርቱዕ ሕማምን ሆስፒታል ካብ ምእታውን ክከላኸሉ ይኽእሉ ኢዮም። ፈውሲ ዝውሰድ እቶም ምልክታት ሕማም COVID-19 ካብ ዝጀመሩ ኣብ ዉሽጢ 5 መዓልቲታት ኢዩ።

# ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

Q

**ሕ. ብኣፍ ዝውሰድ ጸረ-ቫይረስ መድሓኒት ብኸመይ ኢዩ ዝሰርሕ?**

መ. ብኣፍ ዝውሰድ ጸረ-ቫይረስ ሕክምና ነቶም COVID-19 ዘምጽኡ ቫይረሳት ኣብ ውሽጢ ሰብነትና ከምዘይባዝሑ ብምግባር ሰብነትና ካብ COVID-19 ንምክልኻል ክሕግዝዎ ይኽእሉ ኢዮም፣ ኣብ ውሽጢ ሰብነትና ዘለው ቫይረስ ቁጽሮም ከምዝውሕድ ይገብሩ፡ ወይ ድማ ነቲ ናይ ሕማም ምክልኻል ዓቕምና ይሕግዝዎ።

A

## ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

Q

**ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ካልእ ዓይነት ኣፋውስ ናይ COVID ኣለውዶ?**

ኣብ’ዚ እዋ’ዚ ዋላ’ኳ ብመደብ ምርመራ ንሕክምና ዘይወሃብ እንተኾነ፡ ትሑት ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘለዎም ሕሙማት ካብ ኮቪድ ንምክልኻል ክሕግዞም ምእንታን ነዚ ኤቩሸድ (Evusheld) ዝተባህለ መድሓኒት ክወስዱ ብቑዓት ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም። birdseyemedical.com/evusheld_treatments

A

Public Health
Seattle & King County

ASPR.HHS.GOV/TESTTOTREAT

ዝያዳ ተመሃር

ብዛዕባ መደብ ምርመራ ንሕክምና ዝያዳ ሓበሬታ ንምፍላጥ ወይድማ ቦታ ምርመራ ንሕክምና ኣብ ጥቓኻ ዘሎ ንክትረኽቦ፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ተወከሱ **aspr.hhs.gov/TestToTreat.**



Public Health
Seattle & King County